
## መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ዳንኤል እቲ ምሩኽ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Jonathan Hay

ኣወሃሃዲ፣ Mary-Anne S.


ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ዳንኤልን ሰለስተ ኣዕሩኽቱን ኣብ እስራኤል ይነብሩ ነበሩ፡ ሓደ መዓልቲ ግን ሓደ ዓቢ ንጉስ ናብ ዓዶም መጺኡ ንኹሎም ብሉጻት መናእሰይ ናብ ሃገሩ ብምርኮ ወሰዶም፡ እቲ ንጉስ ድማ ነቡካድነጻር ዝብል ነዊሕ ስም ነበሮ፡ ኣብ ባቢሎን እትበሃል ርሑቕ ሃገር ድማ ይነብር ነበረ።




እቲ ንጉስ ካብ ኵሉ ዓለም ኣገልገልቱ ክኾኑን ነታ መንግስቲ ከማሓድሩን ክሕግዝዎን ብቋንቋ ባቢሎን ከሰልጥኖም ንፉዓትን ብሉጻትን መናእሰይ መረጸ፡ እዞም መናእሰይ ኣብ ባቢሎን ኣዝዩ ጽቡቕ ክንክን ይግበረሎም ነበረ።



3

እቲ ዝምገብዎ መግቢ እውን ጽቡቕ ነይሩ፡ እቶም መናእሰይ ከምቲ ንጉስ ዝበልዕዎ ኢዮም ዝበልዑ ነይሮም፡ ዳንኤልን ፈተውቱን ግን ነቲ ምግቢ ነቶም ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ እተወፈየ ብምንባሩ ኪበልዕዎ ኣይደለዩን፡ ዳንኤል ኣምላኹ ዘይደልዮ ነገር ፈጺሙ ከም ዘይገብር ቃል ኣትዩ ነይሩ እዩ፡ ኣምላኽ ድማ እስራኤላዊያን ምስ ጣኣታት ወይ ምስ ናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ርክብ ከይህልዎም ኣቀዲሙ ኣዚዝዎም ነይሩ ኢዩ።




4

ዳንኤል ነቲ ሓላፊኡ ዝነበረ ሰብ መግቢ ንጉስ ከይበልዕ ፍቓድ ሓተቶ፡ እቲ ንጉስ እዚ ነገር እንተ ፈሊጡ ኣዝዩ ምተቖጥዐ ነይሩ፡ ኣምላኽ ግን ንዳንኤል ኣብ ቅድሚ እዚ ሰብኣይ ሞገስ ክረክብ ገበሮ።



5

እዚ ሰብኣይ ድማ ንዳንኤልን ኣዕሩኽቱን ፈተና ክህቦም ተሰማምዐ፡ ንዓሰርተ መዓልቲ ኣሕምልቲ ጥራይ ክምገቡ ማይ ጥራይ ድማ ክሰትዩ ዝብል፡ ኣብ መወዳእታ እተን ዓሰርተ መዓልታት ዳንኤልን ኣዕሩኽቱን ካብቶም መግቢ ንጉስ ዝበልዕ ካልኦት መናእሰይ ኩሎም ኣዝዮም ጥዑያት ይመስሉ ነበሩ፡ ስለዚ ብ ኣሕምልትን ማይን ክቕጽሉ ፈቀደሎም።



6

እዞም መናእሰይ ንኣምላኽ የክብርዎ ስለ ዝነበሩ፡ ኣምላኽ ድማ ኣኽበሮም፡ ኣምላኽ ኣብቲ እተማህርዎ ነገራት ፍልጠትን ክእለትን ሃቦም፣ ዳንኤል ድማ ንኹሉ ራእን ሕልምታትን ዝርድኣሉ ጥበብ ነበሮ።



7



ድሕሪ ናይ ሰለስተ ዓመት ትምህርቲ ኩሎም መናእሰይ ናብ ንጉስ ነቡካድነጻር ቀረቡ፡ እቲ ንጉስ ድማ ንዳንኤልን ሰለስተ ኣዕሩኽቱን ካብ ኩሎም ዝበለጹ ኮይኖም ስለ ዝረኸቦም መረጾም፡ ዳንኤል ውን ካብ ኵሎም እቶም ኣብ መንግስቱ ዝነበሩ ጥበበኛታት ንላዕሊ ጥበብ ከም ዘለዎ እቲ ንጉስ ፈለጠ።

8

ሓደ ለይቲ፡ እቲ ንጉስ ሕማቕ ሕልሚ ሓለመ፡ ኣብ ግዝኣቱ ዘለው ኩሎም ኣስማተኛታት፡ ኸዋኽብቲ ዝቆጽሩን፡ ጠንቋልትን ኣብ ቅድሚኡ ደው ክብሉ ጸውዖም፡ "ሕልሚ ሓሊመ ኣለኹ፡ መንፈሰይ ድማ ነቲ ሕልሚ ንምርዳእ ይጭነቕ ኣሎ" ድማ በሎም፡ እቶም ጥበበኛታት ድማ "ኦ ንጉስ ንዘለኣለም ንበር! ነቲ ሕልሚ ንባሮትካ ንገሮም እሞ ንሕና ድማ እንታይ ማለት ምኧኑ ክንነግረካ ኢና" ኢሎም መለሱሉ።



9

እቲ ንጉስ ግን "ኣይፋልን" እንታይ ከም ዝሓለምኩን እንታይ ማለት ምኧኑን ክትነግረኒ ኣለኩም፡ እንተዘይኮነ ግን ክትቁረጹን፡ ገዛውትኹም ውን ብሓቂ ክቃጸል ኢዩ ብሎም፡ እቲ ሕልሚ እንታይ ምኧኑን ትርጉሙን እንተነገርኩምኒ ግን ውህበትን፡ ዓስብን፡ ዓቢ ክብርን ክትቅበሉ ኢኹም፡ በሎም፡ ካብቶም ጥበበኛታት ግን ሓደ እኳ ነቲ ንጉስ ሕልሙ ኺነግሮ ኣይከኣለን።




10

እቶም ጥበኛታት ድማ ነቲ ንጉስ "እዚ ዝሓተትካዮ ክገብር ዝክእል ኣብ ምድሪ ሓደ የልቦን፡ እዚ ክገብሩ ዝኽእሉ ኣማልኽቲ ጥራይ እዮም፡ ኣብ ምድሪ ድማ ኣይነብሩን እዮም" በልዎ፡ እቲ ንጉስ ድማ ኣዝዩ ተቖጥዐ፡ ንኹሎም ጥበበኛታት ባቢሎን ድማ ኣጥፍእዎም ኢሉ ኣዘዘ።



11

እቶም ወተሃደራት ንዳንኤል ደልዮም ምስ መጹ፡ ንኣርዮክ እቲ ናይ ንጉስ መኮንን፡ ንጉስ ስለምንታይ እዩ ንኹሎም ጥበበኛታት ዜጥፍኦም ዘሎ፡ ኢሉ ሓተቶ፡ ሽዑ ኣርዮክ ንዳንኤል እቲ ዘጋጠመ ዅሉ ነገሮ፡ ዳንኤል ነቲ ንጉስ ክርእዮ ከደ እሞ ትርጉም እቲ ሕልሙ ንንጉስ ምእንቲ ክነግሮ ተወሳኺ ግዜ ሓተተ።



12

ሽዑ ዳንኤል ናብ ቤቱ ከይዱ፡ ንኣዕሩኽቱ ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን ኲሉ ነገሮም፡ ዳንኤል እቲ ሕልሚ እንታይ ምኧኑን፡ እቲ ትርጉሙ ውን እንታይ ምኧኑ ኣይፈልጥን ነይሩ፡ ግን ንኹሉ ዝፈልጥ ግን ይፈልጥ ነይሩ። እቲ ንኹሉ ዝፈልጥ ድማ ኣምላኽ ኢዩ፡ ስለዚ ዳንኤልን ምስ ኣዕርኽቱ ኮይኖም ጸለዩ።



13

ኣምላኽ ንዳንኤል እቲ ሕልምን ትርጉሙን ኣርኣዮ፡ ዳንኤል ንኣምላኽ ሰማይ "ጥበብን ብርታዐን ናቱ እዩ እሞ፡ ስም ኣምላኽ ንዘለኣለም ዘለኣለም ይባረኽ" ኢሉ ባረኾ፡ ቀልጢፉ ድም ኣ ናብ ንጉስ ብምኻድ፡ "ምስጢር ዚገልጽ ኣምላኽ ኣብ ሰማይ ኣሎ" በሎ ነቲ ንጉስ እንታይ ከም ዝሓለምን እቲ ሕልሚ እንታይ ማለት ምኧኑን ድማ ነገሮ።



14

ንጉስ ነቡካድነጻር ነቲ ሕልምን ትርጉሙን ምስ ሰምዐ፡ ኣብ ቅድሚ ዳንኤል ተደፊኡ፡ እዚ ኩሉ ክትገልጽ ካብ ከኽኣልካ “ኣምላኽካ ብሓቂ ኣምላኽ ኣማልኽትን ጐይታ ነገስታትን፡ ምስጢራት ዚገልጽ እዩ በሎ፡ ሽው እቲ ንጉስ ንዳንኤል ዓቢ ሰብ ገበሮ፡ ብዙሕ ዓበይቲ ውህበታት ድማ ሃቦ፡ ኣብ ብዘላ ግዝኣት ባቢሎን ገዛኢ፡ ኣብ ልዕሊ ኵሎም ጥበበኛታት ባቢሎን ከኣ ሓለቓ ገበሮ።



15


ዳንኤል እቲ ምሩኽ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዳንኤል 1-2

"ምኽፉት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፥130

16




31

60

17

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16

18